"„„ምድሪ ብፍልጠት ክብሪ እግዚኣብሄር: ክትመልእ እያ" ኣን2፥22

# ዶክሳ

ሕዳር 2017 ቁ.ጽ.12

ዶክሳ ብቋንቋ ግሪክ ኮይኑ፥ ክብሪ ኣምላኽ ማለት እዩ።

*ዶክሳ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ናይ ክብሪ ኣገልግሎት፥ ክተዳልወና መንፈሳዊት ጋዜጣ እያ።*

## ዜና

## ምሕረት ክዩ ናይዛ ምድሪ ፈውሲ

*ኣብዚ ቀረባ እዋን ሓደ ኣቦ 'እዛ ሃገርና ሙሉእ ዝኾነ ፈውሲ ክትረክብ ኩልና ምሕረት ኣብ ቤትና፡ ኣብ ማሕበር ኣምላኽ፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ፥ ኣብ መራሕቲ ሃገር . . . እናበልና ክንጽሊ' መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።* ንሱ ብምቕጻል ኣብ መጽሓፍ ዳኒኤል ጥፍኣት ምስ ተኣወጀ። ዳኒኤል ነቶም መሓዙቱ "ካብ ኣምላኽ ሰማይ ምሕረት እናበሉ ክልምኑ ነጊርዎም (ዳኒ 2፥17-18) ርኤ። ንሳቶም ከኣ ከምቲ ዝተባህሉዎ ስለ ዝገበሩ ካብ ኣምላኽ ሰማይ እቲ ምስጢር ተገልጸሎም፡ ፍታሕ ንኹሎም ከኣ መጺኡ። ሎሚ ውን ከምዚ ኢልና ብጥሙር ልቢ ናብቲ ምሕረት እንረኽበሉ ዝፋን ኣምላኽ እንተ ቀሪብና፥ እቲ መፍትሕ ምሳና እዩ ዘሎ ብምባል መብርሂ ሂቡ።

**"ስለዚ ምሕረት ምእንቲ ክንቅበል፥ ብግዜ ጸበባ ውን ንረዲኤትና ዝኸውን ጸጋ ክንረክብ፥ ብትብዓት ናብ ዝፋን ጸጋ ንቕረብ" እብ4፥16**

ብተመሳሳሊ ሓደ ንእሽተይ ቆልዓ "ሃገርና ኩልንትንኣ ብመንደቕ ትኽበብ እሞ፡ ኩሉ ህዝቢ ምሕረት እናበለ ክልምን ከሎ፡ እቲ መንደቕ ይፈርስ፡ ሓድሽ ዝኾነ መድረኽ ይመጽእ፡ ሽዑ እቲ ኣብዚ ሃገር ዝነበረ ለማኒ ማኪና ሒዙ ክኸይድ ይርኢ" ብምባል ዝረኣዮ ራእዩ ነገረና እሞ ኣዝዩ ድማ ገሪሙና።

ነዚ ምርኩስ ብምግባር ጋዜጣ ዶክሳ እዚ መልእኽቲ ሸለል ኢልካ ዝሕለፍ ስለ ዘይኮነ፤ ኩልና በዚ ተነጊሩና ዘሎ ምሕረት እናበልና ንለምን። ከምቲ መገላግልቲ ዳኒኤል ነቲ ዘምጽኦ ኣርእስቲ ጸሎት ከይነዓቁ ናይ ሕብረት ጸሎት ዝኣወጁ። ንሕና ድማ ካብዛ ዘንበብናላ መዓልቲ ጀሚርና ንሰለስተ መዓልቲ ብጾምን ጸሎትን ኣሰኒና (ብፍላይ ካብ 17-19 ብሕብረት ኬንና) ምሕረቱ ከዕብየልና ንጸሊ። ከምቲ ኣዝማድን ጎረባብትን ኤልሳቤጥ "እግዚኣብሄር ምሕረቱ ከም ዘዕብየላ ሰሚዖም ምስኣ ዝተሓጎሱ" (ሉቃ1፥58)። ናይ ብሓቂ ብጥሙር ልቢ ተጋጣጢምና፥ እንተ ጸሊና ድማ ጎይታ ምሕረቱ ከዕብየልና እዩ።

**"ኣምላኽዶ ግዳ ነቶም ለይትን መዓልትን ናብኡ ዚጠርዑ ሕሩያቱ ፍትሒ ኣየውጽኣሎምን**
**እዩ፧ይጽመሞዶ'ኽ፧ቀልጢፉ ፍትሒ ኸም ዜውጽኣሎም፡**
**እብለኩም ኣሎኹ„„"** (ሉቃ 18፥7-8)

## ድምጺ እግዚኣብሄር

መጀመርታ እግዚኣብሄር ንኣዳምን ሄዋንን ምስ ፈጠረ ብድምጹ እዩ ዝዛረቦም ነይሩ። እቲ ናቱ ድምጺ እንዳሰምዑ ከኣ ብሰላምን ህድኣትን ይነብሩ ነይሮም። በዚ ናቶም ሰላምን ህድኣትን ዝቐንአ ሰይጣን ግና በቲ ናቱ ድምጺ ገይሩ ኣብ ሓጥያት ከም ዝወድቁ ገበሮም። በዚ ምኽንያት ከኣ ንሳቶም ካብ ድምጺ እግዚኣብሄር ምስማዕ ርሓቑ። እቲ ቃል ከምዚ ይብል፥

**"ምድሪ ምስ ወልወለ ድማ፡ <u>ድምጺ እግዚኣብሄር</u> ኣምላኽ ኣብ ገነት ኪማላለስ ሰምዑ። ኣዳምን ሰበይቱን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣእዋም ገነት ተሓብኡ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ፡ ኣበይ ኣሎኻ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ድምጽኻ ኣብ ገነት ሰሚዔ ፈራህኩ፡ ጥራየይ ከኣ እየ እሞ፡ ተሐባእኩ" በለ (ዘፍ 3፥8-10)።** በዚ መንገዲ ከኣ ንሳቶም ካብ ድምጹ ረሓቑ።

እግዚኣብሄር ግና ብምሕረቱ ሃብታም ስለ ዝኾነ ዋላ እኳ ንሳቶም ካብ ድምጹ እንተ ተሓብኡ ንሱ ግና ብደበሎ ገይሩ ሸፈኖም። እዚ ዘርእየካ ከኣ እግዚኣብሄር ንሰብ ክፈጥሮ ከሎ ድምጹ እናሰምዑ ምስኡ ሕብረት ክገብሩ ከም ዝደሊ እዩ። ንሳቶም ድምጹ እናሰምዑ ኣብ ቅድሚኡ ክመላለሱ ከኣ ሓጎሱ ከም ዝነበረ እዩ። ግናኸ ጸላኢ ብኻልእ ጽቡቕ ብዝመስል ድምጺ ገይሩ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ከም ዝርሕቑ ጌርዎም። እዚ ይኹን እምበር ነዚ ድምጺ እግዚኣብሄር ደጊሙ ኣባና ህያው ምእንቲ ክኸውን ኢሉ ድማ እግዚብሄር ነቲ ዘፍቅሮ ወዱ ብምልኣኽ ኣብ ክንዳና በጃ ኣሕሊፍዎ። ነቲ ድምጹ ከይንሰምዕ ከልኪሉና ዝነበረ ኩሉ ከልካሊ መጋረጃ ድማ ብደሙ ፍጹም ኣፍሪስዎ (ኤፌ 2፥14 ርአ)። ነዚ ኢሉ እዩ ድማ እቲ ናይ እብራዊያን ጸሓፊ **"ስለዚ፡ ኣሕዋተየ፡ በቲ መጋረጃ፡ ማለት ብስጋኡ ዝቐደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም የሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዚህልወና።"**(እብ 10፥19-20) ብምባል ናብኡ ብቕኑዕ ልቢ ክንቀርብ እሞ ካብ መንፈስ ቅዱስ ድምጹ ክንሰምዕ ዝነግረና **"ምእንትዚ መንፈስ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡ ሎሚ ድምጹ እንተ ሰማዕኩም፡ ከምቲ ብነድሪ በታ መዓልቲ ፈተና ኣብ በረኻ ዝገበርኩምዎ፡ ልብኹም ኣይተትርሩ"**(እብ 3፥7-8)። ካብዚ እንርድኦ ሓደ ብጎይታ ዝደሓነ ወደ መዝሙር ድምጹ ክሰምዕ ከምዝኽእልን ነቲ ድምጺ ሰሚዑ ብምሉእ ልቡ ክስዕብ ከም ዘለዎን እዩ። <u>ድምጺ እግዚኣቢሄር ምስማዕ ድማ ንነብያት ጥራይ ዝተዋህበ ዘይኮነ ንኹሉ ዳግም ዝተወልደ</u> ዝተዋህበ መሰል እዩ። ግናኸ ከምቲ ጎይታ "ነተን ኣባጊዕ ምስ ኣውፈረን ድማ፡ ቀቅድሚኤን ይኸይድ፡ እተን <u>ኣባጊዕውን ድምጹ የለልያ እየን እሞ፡</u> ይስዕባኦ (ዮሃ 10፥4)" ዝበለ ድምጹ ምልላይ ግና የድልየና እዩ። ምኽንያቱ ብዙሕ ድምጽታት ስለ ዘሎ እቲ ቀንዲ ድምጺ

መንፈስ ቅዱስ እዩ። ካልእ ከኣ ናይ ኣእምሮ፡ ናይ ስጋ፡ ናይ ጸላኢ ድምጺ ኣሎ። ካብዚ ኩሉ ድምጽታት ነቲ ናይ መንፈስ ቅዱስ ድምጺ ፈሊኻ ንኽትፈልጦ ድማ ኣተሓሳስባኻ ብቃል እግዚኣብሄር ክሕደስ ኣለዎ (ሮሜ 12፡2ᑕኣ) ። በዚ ኩሉ ሳዕ እንተ ኣሐዲስናዮ፡ ነቲ ናይ ጎይታ ድምጺ ክንሰምዖን ክንስዕቦን ብቅዓት ንረክብ። እቲ ናቱ ድምጺ ድማ ሓጎስ ክህበና እዩ። ብዛዕባ እዚ ዮሃንስ ከምዚ ኢሉ ተዛሪቡ **"እቲ መርዓት ዘላቶ፡ ንሱ መርዓዊ እዩ። እቲ ደው ኢሉ ንእኡ ዚሰምዮ ዓርኪ መርዓዊ ግና <u>ብድምጺ እቲ መርዓዊ ኣዝዩ ይሕጐስ</u>። ደጊም እዚ ሓጐሰይ ተፈጸመ"** (ዮሃ 3፡29) ይብለና። እዚ ድማ ድምጺ ጎይታ ምስማዕ ክንደይ ግሩም ከም ዝኾነ የረድኣና። ብተወሳኺ ነዚ ድምጺ ከም ዝግባእ ኣለሊና እንተ ስዒብናዮ ኩሉ ጸር ዝኾነ ነገራት ይረግፉ፡ እቲ ኣባና ዝተቀመጠ ናይ ኣምላኽ ራእይ ይውለድ። ብዛዕባ እዚ ንጉስ ዳዊት **"ድምጺ እግዚኣብሄር ብስልጣን፡ድምጺ እግዚኣብሄር ብግርማ እዩ። ድምጺ እግዚኣብሄር ንጽሕድታት ይሰብሮ ,,,፥ ንምድረ በዳ ቃዴስ የንቀጥቅጦ እዩ። ድምጺ እግዚኣብሄር <u>ንእራባት የውልደን፡ ንዱር የርግፎ</u>፡ኣብ መቕደሱውን ኩሉ፡ ክብሪ፡ ይብል ኣሎ"** (መዝ 29፡4-9) ብምባል ዘሚሩ ኣሎ። ስለዚ እዚ ኩሉ ክብሪ ዘለዎ ድምጺ ኣባና ክግለጽ፡ ንድምጹ ጽን ንበሎ።

***"እቲ ዚሰምዓኒ ግና ብደሓን ኪነብር፡ ንኽፉእ ከይፈርሄ ኸኣ ኪህድእ እዩ።"(ምሳ 1፡33)***

ሓደ ግዜ ብዛዕባ ንድምጺ እግዚኣብሄር ከመይ ጌርካ ከም ትፈልዮ ምስ ሓደ ሓው ነዕልል ነበርና እሞ። ገለ ካብ ዘጋጠሞ ከምዚ ኢሉ ነገረኒ "ኣነ ዘማሪ ብምኳነይ ኣብ ገለ ደቂ ኣንስትዮ ሞጎስ ነበረኒ፡ ድሕሪኡ ንሓንቲ ሓፍቲ ይፈትዋ እሞ ይሓታ፡ ብዙሕ ከይጸንሐት ድማ ሕራይ በለትኒ። ደሓር ግና ኣብ ዉሽጠይ ሕርኽርኽ ኢሉኒ ስለ ዝበለትኒ፡ ኣነ ድማ ድምጺ እግዚኣብሄር ሰናይ፡ ሰላም፡ ሓጎስ እዩ ዝህበካ እሞ ገለ ሕርኽርኽ እንተ ኢሉኪ ፍቓድ ኣምላኽ ዘይኮነ ከይከውን ደው ነብሎ ብምባል ብመሰረት (ሮሜ 12፡2) ኣቋረጽናዮ። ደሓር ድማ ድምጺ እግዚኣብሄር ብጽቡቅ ምእንቲ ክርደኣኒ ገጹ ክደልን ክጸውምን ጀሚረ ጎይታ ድማ ሓንቲ ተዕርፈኒ ሓፍቲ ሂቡኒ፡ ሕጂ ድማ ኣቦ ክልተ ቆልዑት ኮይነ፡ ሓንቲ ኣምላኻዊት ስድራቤት ይመርሕ ኣለኹ" ብምባል ኣዕለለኒ እሞ ፍጹም ኣብ ውሽጠይ ኣተወት።

ስለዚ እምበኣር ሎሚ ድምጺ እግዚኣብሄር ጽቡቅ ገይርና ኣብ ሂወትና ምእንቲ ክርደኣና ነተሓሳስባና ብቃሉን ብመንፈሱን ነሐድሶ። ከምቲ ንጉስ ዳዊት **"ድምጺ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ማያት እዩ፡ኣምላኽ ክብሪ የንጐድጕድ ኣሎ፡እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ብዙሕ ማያት እዩ"** (መዝ 29፡3) ዝበሎ። ኣብ ልዕሊ ማያት ማለት ከኣ ማይ ከም ቃል ኣምላኽ ስለ ዝምሰል (ኤፌ 5፡24)። ብጽምኣት ቃሉ ከነንብብ ከለና ነቲ ናይ እግዚኣብሄር ድምጺ ንኽነለልዮ ሓይሊ ንረክብ። ነቲ ቃሉ ክገልጸልና ከኣ ንጎይታ ንለምኖ (መዝ119፡18) ሽዑ ድምጹ ኣብ ኩሉ ነገራትና ኣትዩ ከቅንዕን ከስልጥን ከሎ ክንርእዮ ኢና።

**". . . ንእግዚኣብሄር ዚሐርር መስዋእቲ ሕሩድን ከም ምስማዕ <u>ደሃይ እግዚኣብሄር ገይሩዶ የሐጕሶ እዩ</u>፧ እንሆ፡ ስማዕ ካብ መስዋእቲ፡ ጽን ምባል ድማ ካብ ስብሒ ደዓውል ይበልጽ"** (1ሳሙ 15፡22)

## <u>ጅሆቫ ጸባኦት</u>

**ጅሆቫ ጸባኦት** ሓደ ካብ ኣስማት እግዚኣብሄር ኮይኑ ትርጉሙ "እግዚኣቢሄር ጎይታ ሰራዊት" ማለት እዩ። በዚ ስም እዚ ድማ ንመጀመርታ ግዜ፡ ኣብቲ ሳሚኤል ምስ እግዚኣብሄር ዝራኸበሉ ዝነበረ ሽሎ ተገሊጹ "እቲ ሰብኣይ እቲ ኸኣ ኣብ ሺሎ ኺሰግድን <u>ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት</u> ኪስውእን ኢሉ በብዓመቱ ካብ ከተማኡ ይድይብ ነበረ . . ." (1ሳሙ1፡3)። ሳሚኤል ድማ እዚ ስም ስለ ዝተረድኦ ኣብ ሽሎ ኮይኑ ነዚ ስም ይጽውዖ ነበረ። እግዚኣቢሄር ጎይታ ሰራዊት ከኣ ብክብሪ ይግለጸሉ ነይሩ። በዚ መሰረት ከኣ እቲ ህዝቢ 'ሳሚኤል ካብ ዳን ክሳዕ ብኤር-ሸባዕ እሙን ነብይ እግዚኣብሄር ከም ዝኾነ ፈለጠ'። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርን ሰብን ከኣ ዓበየ። ካብቲ ኩሉ ዘረባኡ ገለ እኳ ናብ ምድሪ ኣይወደቐን (1ሳሚ 3፡19-20)። ኣብ ዘመን ህይወቱ ከኣ ኢድ እግዚኣብሄር ምስኡ ነበረት። ናብ እግዚኣብሄር ጎይታ ሰራዊት እናተማህለለ ከኣ ንፍልስጤማውያን ካብ ዶብ እስራኤል ከም ዝርሕቁን ከም ዝዋረዱን ገበረ፥ እተን ተማሪኸን ዝነበራ ድማ ካብ ዔቅሮን ክሳዕ ጋት ናብ እስራኤል ከም ዝምለሳ ገበረ (1ሳሚ 7፡13-14) ርኤ። እዚ ኩሉ ዝኾነ እግዚኣብሄር ብጅሆቫ ጸባኦት ስለ ዝተገልጸ እዩ።

ዳዊት ውን ናይዚ ስም ክብሪ ስለ ዝተረድአ ምስ ጎልያድ ክገጥም ክኸይድ ከሎ *"ንስኻ ብሴፍን ብኲናትን ብመዝረቕን ትመጽኒ ኣሎኻ፥ ኣነ ግና <u>ብስም እግዚኣብሄር ጎይታ ሰራዊት</u> እመጸካ ኣለኹ" (1ሳሚ17፥45)* ብምባል ነቲ ፍሊስጠማዊ ብእምነ ግንባሩ ኣንሃሎ። በዚ መገዲ ድማ ንእስራኤል ዓወት ኮይኑ። ንሕና ውን ሎሚ ነዚ ስም ብእምነት እንተ ጸዊዕናዮ ኩሉ ዘጉባዕብዓልና ክወድቅን፥ ውርደት ካብ ምድርና ክርሕቅን እዩ። ሽዑ ኩሉ ዘይንቐጥቀጥ ነገራት ክንቅጥቀጥ ክንርእዮ ፥ ኣብዚ ምድሪ ድማ ንትእምርትን ተኣምራትን ክንከውን ኢና "እንሆ፡ ኣነን እቶም እግዚኣብሄር ዝሀበኒ ደቅን፡ ኣብ ከረን ጽዮን ዚነብር <u>እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡</u> ኣብ እስራኤል ንትእምርትን ተኣምራትን ኴንና ኣሎና" (ኢሳ 8፡18) ። ናይ ብሓቂ ድማ በዚ ስም እንተ ተገሊጹ ከምቲ ንሃጌ ዝበሎ ካብቲ ቀዳማይና እቲ ዳሕራይና ክብሪ ክበልጽ እዩ።

**"እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊትሲ ኸምዚ ይብል ኣሎ፡ ገና ሓደ ጊዜ፡ ብሓጺር ጊዜ ኪኸውን እዩ፡ ኣነ ንሰማይን ምድርን ባሕርን ንቑጽን ከነቓንቕ እየ። ንኹላቶም ኣህዛብ ከነቓንቖም እየ፡ ኣነውን ነዛ ቤት እዚኣ ብኽብሪ ኽመልኣ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። ብሩር ናተይ እዩ፡ ወርቂ ኸኣ ናተይ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። ካብቲ ቐዳማይሲ እቲ ዳሕራይ ክብሪ እዛ ቤት እዚኣ ኺበልጽ እዩ,,, ኣብዛ ቦታ እዚኣ ሰላም ክህብ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት"** (ሃጌ 2፡6-9)

# ዓምዲ ሌላ

## ዲ.ኤል.ሙዲ



**1837-1899**

ዲ. ኤል ሙዲ ኣብ 1873 ዓ/ም ኣብ ኖርዝ ፊልድ ዝተባህለ ዓዲ ተወሊዱ። ወዲ 4 ዓመት ምስ ኮነ ኣብኡ ብሙማቱ ድማ ብድኽነት እዩ ዓብዩ። ኣዲኡ ግና ንዕኡን ንሸውዓተ ኣሕዋቱን ብጽቡቅ ስነ ምግባር ምእንቲ ክዓብዩ፤ ብፍላይ ድማ ንመንፈሳውነቶም ኣብቲ ዳሕራይ ጻዊዒት ኣምላኽ ብቁዓት ክኾኑ ብዙሕ ተጋደለት።

ኣብ 1854 ዓ/ም ሙዲ ወዲ 17 ዓመት ምስ ኮነ ካብቲ ዝነበሮም ድኽነት መዋጽኢ እንተ ኾነ ኢሉ ሽያጢ ጫማ ኮይኑ ተቆጺረ። ጎኒ ጎኑ ከኣ ኣብቲ ከባቢኡ ዝነበረ ቤተ ክርስቲያን መንፈሳውነቱ ይከታተልን ምስ መንእሰያት ማሕበር ተጠርኒፉ ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ሰንበት ይሳተፍን ወንጌል ይነግርን ነበረ። ዋላ እኳ ሽዑ እቶም ኣብዛ ቤተ ክርስቲያን ዝነበሩ መራሕቲ ቀልጢፎም ነቲ ዝነበሮ ጸጋ ተዘይተቀበልዎ፥ እቲ ዝነበሮ ባህሪ ግና ሕያዋይን፡ ሕዉስን፡ ጻዕረኛን; ምትእምማን ዘለዎ ብምንባሩ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኮነ ኣብቲ ዝሰርሖ ዝነበረ ስራሕ መጎስ ኣውሂብዎ እዩ። በዚ መሰረት ድማ ኣብ ውሽጢ ዉሑድ ዓመት 8000 ዶላር ኣታዊ ገበረ። ግናኸ በዚ ልቡ ከይተታሕዘ፡ ምስቶም መንእሰያት መዛንኡ ኮይኑ ወንጌል ይነግር ነበረ። ኣብ 1860 ዓ/ም ጎኒ ጎኒ መንፈሳውነቱ ዝገብሮ ዝነበረ ንግዲ ሓዲጉ፡ ሙሉእ ግዜ ኣገልጋሊ ወንጌል ኮነ። ብፍላይ ኣተኩሮ ኣገልግሎቱ ንድኻታትን ንህጻናትን ምብጻሕ ነበረ። ነዚ ድማ ብቐንኣትን ቀራጽነትን ተተሓሓዞ።

ብድሕሪኡ ድማ ነታ ኣብ ኣገልግሎቱ ዓንዲ ሕቆ ናይ ዓወቱ ዝኾነት ኢማ ፈሽል ተመርዓወ። ሙዲ ቅድሚ ምምርዓዉ በቲ ዝነበሮ ቅንኣት ብዙሕ እኳ ወንጌል እንተ ኣበሰረ፡ ኣብ ገለ ገለ ግና ጥበብን ኣገባብን ይጎድሎ ከም ዝነበረ እዩ ዝንገር። ደሓር ምስ ተመርዓወ ግና ብዙሕ ለውጢ ኣርኣየ። ኢማ ውርዝይትን ኣስተውዓሊትን ብምንባራ ብብዙሕ ነገር ንሙዲ ደጊፋቶ እያ። ቀልዑ ምስ ወለዱ ውን ንዕኡ ብዙሕ ከየሸገረት፥ ቤቶም ጽቡቕ ገይራ ተመሓድር ነበረት።

ድሕሪ 1883 ሙዲ ንመንፈስ ቅዱስ ብምሉእ ልቡ ክደልዮ ጀመረ፡ ኣገልግሎቱ ድማ ፍጹም ተቀየረ። ኩሉ ህዝቢ ንሙዲ ክሰምዕ ኩሉ እቲ ገበላ፡ ኮረድዮ መተሓላለፊ ቤተ ክርስትያን ቅድሚ ፍርቂ ሰዓት ይመልእ ነበረ። መንፈስ ቅዱስ ብሓይሊ ኣብኡ ስለ ዝተገልጸ ድማ ብዙሓት ነፍሳት ናብ ናይ ጎይታ መንግስቲ ተወሰኻ። ኣብ ብዙሕ ቦታታት ድማ እናተዓደመ ከገልግል ጀመረ። ገለ ሰባት ከምዝገልጽዎ ኣብቲ ዝነበረ ዑደቱ ን 2.5 ሚሊዮን ዝኸውን ህዝቢ ወንጌል ኣሰሚዑ።

ሙዲ ከም ብዙሓት ሰባት ትምህርቲ ስነ መለኮት እኳ እንተነበሮ፥ ብቅልል ዝበለ መንገዲ ብሰለስተ ቀንዲ ነጥብታት ማለት "ብሓጢኣት ጠፊእ፣ ብደሙ ዲሒነ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ድማ ተሓዲሰ" ኢሉ ጸሚቅዎ።

ሙዲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብያተ ትምህርቲ ከፊቱ። ብተወሳኺ'ውን ናይ ትምህርቲ ሰንበት ስሩዕ ትምህርቲ ኣተኣታትዩ። እዚ ግን ከምተን ካልኦት ኣብያተ ትምህረቲ ዘይኮነ፥ ናብ ታሪክ ቤተ ክርስትያን፥ ስሩዕ ትምህርቲ ስነ መለኾት መጽናዕቲ መበቖላዊ ቋንቋ ይጸቅጥ ስለ ዝነበረ እቲ ቀንዲ ኣቶኩሩኡ "ኣብ ህይወትይን መጽሓፍ ቅዱስን" ዝብል ውጺኢት እዩ ነይሩ። ኣጎልጉሎት ሙዲ ሓድሽ ድራኽ ኣብ ናይ ክርስትያናዊ ኣገልጉሎት ኣተኣታትዩ። ዋላ'ኳ ምስቲ ናይ ቅድሚኡ ዝነበረ ቅዲ ምዝርጋሕ ወንጌል ዘይሰማማዕ እንተነበረ፣ መብዝሕትኡ ግዜ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ድራኽ ይሰብኽ ነይሩ፥

***መልእኽቱ ድማ ቀሊል፥ ሓቀኛ ፥ቐጥታዊ፥ ኣምሱልነት ዘይብሉ ብናይ ውልቁ ሓጺር ዘሰሕቅን ዝምህርን ዛንታ ኣሰንዩ ይምህር ስለ ዝነበረ፥ መንፈስ ቅዱስ ንህይወት ኣሽሓት ሰባት ለዊጥዎ እዩ።***

ናይ ሙዲ ኣጎልጉሎት ብማዕረ ንቤተ ክርስትያን ንሕብረተሰብን ነባሪ ኣበርክቶ ገይሩ እዩ። ተሳትፎ ተራ ኣመንቲ ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል፥ ሓድነት ኣብያተ ክርስትያናትን ኣብ መንጎ ሓድሕድን ምግልጋልን ኣተባቢዑን ደሪኹን። ሙዲ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ የሰንዮ ስለ ዝነበረ ልዕሊ እቶም ተዛረብቲ ዝኾኑ ውጺኢት ነበሮ፥ ፍሪኡ ድማ ኣብ ገዛእ ርእሱ ዘይኾነስ <u>እምነቶም ኣብ ክርስቶስ ክኸውን</u>፥ ቀጻሊ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሂወቶም ከምዘድልዮም ንብዙሓት ሰባት ኣዘኻኪሩ። ኣብ መወዳእታ፥ ሙዲ ከምቶም ብዙሓት ኣገልገልቲ ኣብ ቤተ ክርስትያን ዝዓይዎ፥ ዘይኮነ ብዝተፈላለየ መንገዲ ብብዙሕ ዘይርአ ኣገልጉሎት ጸልይዎ እዩ። እዚ ከኣ ንብዙሓት ዓበይቲ ኣገልገልቲ ጽልዋ ኣሕዲሩ ንከም ቢሊ ግርሃም ዝኾኑ ኣብ ዘምኑ ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል ዝዓበየ ግደ ዝነበሮ ኣፍርዩ። "(ክብሪ ንእግዚኣብሄር ይኹን) እግዚኣብሄር ብብዙሕ ምስጢራዊ ብዝኾነ መንግድታት ስለ ዝሰርሐ፥ ናይ ዲ.ኤል.ሙዲ ኣገልጉሎት ኣብ ቅድሚና ዘቀመጠ ሓቂ እዚ እዩ።

ሙዲ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ የሰንዮ ስለ ዝነበረ ልዕሊ እቶም ተዛረብቲ ዝኾኑ ውጺኢት ነበሮ፥ ፍሪኡ ድማ ኣብ ገዛእ ርእሱ ዘይኾነስ <u>እምነቶም ኣብ ክርስቶስ ክኸውን</u>፥ ቀጻሊ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሂወቶም ከምዘድልዮም ንብዙሓት ሰባት ኣዘኻኪሩ።

# ዓምዲ ትምህርቲ

## ብሓዊ ዝግለጽ ክብሪ

*2ይን ናይ መወዳእታ ክፋል*

ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና ኢልያስ ብሓዊ ምላሽ ክረክብ ብመጀመርታ መሰዊኢኡ ከም ዝሐደሰን፥ 12 ኣእማን ወሲዱ ናብ ኣምላኽ ከም ዝቐረበ ሪኢና ኔርና። ንሎሚ ድማ ካብኡ ብምቅጻል ክንመሃር ኢና። ሰናይ ንባብ።

3.<u>ብስም እግዚኣብሄር መሰውኢ ሰሪሑ፣</u>- ኤልያስ ብስም እግዚኣብሄር መሰውኢ ምስርሑ፡ ንስም ኣምላኽ ክብሪ ክህብ ኢሉ እዩ፥ ከምኡ ስለ ዝገበረ ድማ እቲ ሓዊ ብክብሪ ክግለጽ ኪኢሉ። ከምኡ ድማ ንሕና ንስሙ ዝእመና ከናፍር እንተለና እግዚኣብሄር ብኣና ክኽብርን ብኹሉ መስዋእትና ድማ ንእግዚኣብሄር ከነስምሮን ኢና፥ ነዚ ኢሉ እዩ እቲ ናይ እብራውያን ጸሓፊ **"እምበኣርከ ብእኡ ንኣምላኽ ኩሉ ሳዕ መስዋእቲ ምስጋና፥ ማለት ንስሙ ዝእመና ፍረ ኸንፈር ነቕርብ** (እብ13፥15) ብምባል ከምቲ ስሙ እናጸዋዉ ብፍርሃት ዘመስግኑ እቲ ሓዊ ብኽብሪ ከም ዝግለጽ ዝጸሓፈሎም።

**"ኣምላኽና ዚባላዕ ሓዊ እዩ፥ ስለዚ ንሕና ዘይንቀጥቀጥ መንግስቲ እንቅበል ካብ ኮንናስ፥ ንኣምላኽ ብዘሐጉሶ ቅዱስ ምኽባርን ብፍርሃትን እናኣገልገልና <u>ነመስግን</u>"** እብ12፥28-29።

4. <u>ነቲ ዕንጨይቲ ጸፍጸፎ፦</u> ዕንጨይቲ ካብ ገረብ ተቐሪጹ ንሓዊ ዝዳሎ እዩ። ከምኡ ድማ ዝተገልጸ ቃል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንረኽቦ እዋናዊ ቃል እዩ። እዚ ኣብ ህይወት ከምቲ ብእምነት ዝተዛረብናዮ እቲ ሓዊ ብክብሪ ይግለጽ። ብዛዕባ እዚ ነብዪ ኤርምያስ **"ቃለይዶ ኸም ሓውን ኸምቲ ንኸውሒ ሓሸምሸም ዜብል መደሻን ኣይኮነን"** (ኤር23፥29) ብምባል ተዛሪቡ ኣሎ። እዚ ድማ ብጽምኣት ቃሉ እናስተንተና ብእምነት ምስ ንዛረብ እዩ። ብተመሳሳሊ ብዛዕባ እዚ ንጉስ ዳዊት **"ልበይ ኣብ ውሽጠይ ረሰነ፥ ከስተንትን ከሎኹ፥ ሓዊ ተቓጸለ፥ ብመልሓሰይ ከኣ ተዛረብኩ"** (መዝ39፥3) ብምባል ቃሉ ብዘስተንተናዮ መጠን ውሽጥና ከም ዝቃጸጸል እዩ ተዛሪቡ።

*5.* <u>*ኣርባዕተ ዕትሮ ማይ መልኡ፣-*</u> እቲ ሓሙሻይ ኤልያስ ዝገብሮ ድማ ነቲ ዕትሮ ማይ ምምላእ እዩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ንዓና ዘሰቲ ማይ ካብ ከብድና ከም ዝውሕዝ ጎይታ ተዛሪቡ ኣሎ **"ብኣይ ዝኣምን እቲ ጽሑፍ ከም ዝብሎ፥ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ህይወት ኪውሕዝ እዩ"** ዮው7፥38። እዚ ድማ ተምሳል እቲ ብእኡ ምስ ኣመንና ዝተቐበልናዮ መንፈስ ቅዱስ እዩ። እዚ ብሓዊ ክግለጽ ድማ ጎይታ ብጽምኣት ናብኡ ክንመጽእ ከም ዘለና ከምዚ ኢሉ ተዛሪቡ **"ብታ ዳሕረይቲ ዓባይ መዓልቲ በዓል የሱስ ደው ኢሉ ጨደረ በለ ውን፥ ዝጸምኤ እንተሎ፥ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ "ዮሃ**7፥37 ብምባል ብመንፈስ ቅዱስ ክንጽሊ እሞ ብመንፈስ ክንሰቲ ሽዑ ብሓዊ ክነገልግል ተዛሪቡ።*"ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ከጥምቐኩም እዩ" ማቴ3፥11*

*6.* <u>ኪዳን ኣምላኽ ዘኪሩ፦</u> ኤልያስ ድሕሪ እቲ ማይ ምውሓዙ **"ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን እስራኤልን ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ኣነውን ኣገልጋሊኻ ምዃነይ፥ ,,, ሎሚ ኣፍልጥ"** (1ነገ18፥36) ብምባል ክጽሊን ኽምልኽን ምስ ጀመረ እቲ ሓዊ እግዚኣብሄር ብክብሪ ምላሽ ሂቡ። እዚ ዘርእየካ ኣምልኾ ክብሪ ኣምላኽ ክግለጽ ዝገበር ሓይሊ ከም ዝኾነ እዩ። ከምቲ ንሕና ብኣምልኾ ዝቐረብናዮ ድማ እቲ ሓዊ ብኽብሪ ክግለጽ ሓይሊ ይረክብ። ንኣብነት ዮሳፋጥ ናብቲ ውግእ ክኣቱ ከሎ ዝዝምሩን ቅዱሳት ኣልባስ ዝለበሱን ኣብቲ ቅድሚት ኣቐሙ። በዚ ዝረኸቦ ምርሒት ኪዝምሩን ኪውድሱን ምስ ጀመሩ እግዚኣብሄር ብኽብሩ ተገሊጹ ፥ ኩሎም እቶም ተጻረርቶም ከኣ ወዲቆም። እዚ ዘርእየካ ኣምልኾ ክብሪ ኣምላኽ ንኽግለጽ ዝገብር መለኮታዊ ሓይሊ ከም ዝኾነ እዩ።(መዝ118፥15 ርኤ)

7. <u>**ነዚ ኹሉ ብትእዛዝካ ገበርክዎ ብምባል ቀሪቡ፥**</u> እቲ ናይ መወዳእታ እቲ ክብሪ ብሓዊ ቅድሚ ምግላጹ ኤልያስ **"እዚ ኩሉ ድማ ብትእዛዝካ ከም ዝገበርዎ"** 1ነገ18፥36 ብምባል እዩ ተዛሪቡ። እዚ ድማ ምእዛዝ ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ከም ዝኾነን፥ ነቲ ሓዊ ብኽብሪ ክግለጽ ድማ ዘቀልጥፍ ከም ዝኾነን እዩ። ብዛዕባ ምእዛዝ ጎይታ ክዛረብ ከሎ" **እቲ ትእዛዛተይ ዘለዎ እሞ ዝሕልዎ፥ ንሱ እዩ ዘፍቅረኒ፥ ነቲ ዘፍቅረኒ ድማ ኣቦይ የፍቅሮ፥ ኣነውን ኤፍቅሮ <u>ርእሰይ ከኣ እገልጸሉ"</u>** ዮሃ14፥21 ብምባል ተዛሪቡ። ካብዚ እንርድኦ ጎይታ ርእሱ ብኽብሪ ምእንቲ ክገልጸልና ብኹሉ እዙዛት ክንከውን ኸም ዘለና እዩ። ምእዛዝ ማለት ነቲ ጎይታ ብቓሉ ዝተዛረቦ ከም ዘለዎ ምትግባር እዩ። እዚ ድማ ከቢድ ኣይኮነን ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ ኣባና ሓደሩ ስለ ዘሎ፥ ከምቲ ዝጸዋዕናዮ ነቲ መዋቲ ስጋና ህያው ክገብሮ እዩ (ሮሚ8፥11 ርኤ)።

እምበኣር ሎሚ እቲ ሓዊ ብኽብሪ ምእንቲ ክግለጽ፥ ከምቲ ኤልያስ ብመሪሕነት ዝተኣዘዘ እሞ ብሓዊ ምላሽ ዝረኸበን፥ ንኣገልግለቲ በዓል ዝሓረደን፡ ንሕና ከኣ በቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ገይርና ነቲ ውሽጥና ዘሎ ሓዊ ነቃጽሎ፥ ሽዑ ሓይሊ ክንምላእ፥ ኩሉ ፍሕሶ ጸላኢ ድማ ብሓዊ ክነድድ እዩ። ክብሪ ንስሙ ይኹን። ኣሜን

# ለሰ ባራካ

## ካብ ቃላት ጎይታ የሱስ፥-

“ዘገልግለኒ እንተ ኣሎ፥ ንዓይ ይስዓበኒ። እቲ ዘገልግለኒ ድማ ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ ክኸውን እዩ። ዘገልግለኒ እንተ ኣሎ ንእኡውን ኣቦይ ከኽብሮ እዩ” (ዮሃ12፥26)

## መምህረይ ኣየጣቅዓለይን

ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ተመሃሮ ብዛዕባ ቫዮሊን ንብዙሕ ኣዋርሕ ሰልጠኑ። ኣብቲ መመረቕታ ከኣ ሓደ ካብቶም ተመሃሮ ብሉጽ ነጥቢ ዘምጽአ፡ ምርኢት ከቕርብ ተነግረ። ኣብቲ መዓልቲ መመረቕታ ድማ ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ዘለዎ፡ እቲ ምርኢት ኣቕረበ። እቲ ህዝቢ ድማ በቲ ህርመት ቫዮሊን ዘቕረቦ ብጣዕሚ ተሓጒሶም ብዙሕ ኣጣቕዑሉ። እዚ ይኹን እምበር እቲ ነቲ ምርኢት ቫዮሊን ዘቕረበ ሰብ ብዙሕ ሕጉስ ኣይነበረን። ገለ ሰባት ድማ “ኣታ እዚ ኩሉ ሰብ እናጣቅዓልካ፡ እንታይ ኴንካ ዘይትሕጎስ”በልዎ። ንሱ ድማ እቲ ቅድሚት ዘሎ ሰብኣይ ኣየጠቅዓለይን በሎም። ንሳቶም ከኣ እሞ ሓደ ሰብኣይ ስለ ዘየጠቅዓልካ ጉሂኻ ማለት ድዩ። እወ ንሱ እዩ ብዛዕባ ቫዮሊን ሚሂሩኒ።

ካብዚ ጽሑፍ እንርድኦ ኩሉ ሰብ ንኢዱካ፡ ኣምላኽ እንተ ዘይንኢዱካ ከንቱ ከም ዝኾነ ከመይሲ ቃሉ **“እቲ እግዚኣብሄር ዘንእዶ እምበር፡ እቲ ንርእሱ ዘንእድ ኣይኮነን ተፈቲኑ ዚወጽእ። . . .”** (2ቆረ 10፡17) ስለ ዝብለና። ንሕና ድማ ልዕሊ ኩሉ ነቲ ልቢ ዝርኢ ኣምላኽ ምእንቲ ክሕጎስ ብቕንዕና ኣብ ቅድሚኡ ከነገልግል ኣሎና (2ዜና 16፡9)። ንሱ ድማ ብኣገልግሎትና ይንእደና፡ ነዚ ኢሉ እዩ ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ብመንፈስ ወዱ **“ንርእስኻ እቲ ቓል ሓቂ ብቕንዕና ዜማቕል፡ ዜሕፍር ዜብሉ ፍቱን ዓያዩ ጌርካ፡ <u>ንኣምላኽ ከተርእዮ ጽዓር</u>”** (2ጢ.መ 2፡15) ዝበሎ። እዚ ዘርእየኣካ ከኣ ካብ ሰብ ናእዳ ከይደለና፡ ንዕኡ ጥራይ ከነሐጉስ ክንጽዕት ከም ዘለና እዩ።

**“. . . ስለዚ ድማ ኣብ ስፍራና እንተ ኣሊና ወይስ ኣብ ወጻኢ፡ ንእኡ ኽነሐጒሶ ንጽዕት ኣሎና”** (2ቆረ 5፡10)

## ካብ ዝተባህለ

- ❖ **“ኩሉ ሽግር ምስ መፍትሒኡ እዩ ዝመጽእ፡ እቲ ዝዓበየ ሽግር፡ ዝዓበየ ምስክርነት ኣለዎ፡ ባህ ይበልኩም”።**
- ❖ **“ሰይጣን ተሳዒሩ እዩ፡ ክትስዕሮ ኢልካ ኣይትፈትን፡ ተሪፉና ዘሎ ናይ እምነት ገድሊ እዩ፡ ንሱ ኸኣ ሰናይ ገድሊ እዩ”።**
- ❖ **“ሓደ ፓስተር ብቲቪ ቻነል ክምህረካ ይኽእል እዩ፡ ብቲቪ ግን ክንስየካ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ቤተክርስትያን ክህልወና ዓብይ ረብሓ ኣለዎ”።**
- ❖ **“ብእምነት እንተ ሰጒምካ፡ ንቑሩብ ጊዜ ዓሻ መሲልካ ኢኻ ትርእ፡ ብእምነት እንተዘይሰጒምካ ግና ንሓዋሩ ክትዕሹ ኢኻ።”**

**ካብ ቃላት ፓስተር ክሪስ**

## ዋና ኣለዎ

ሓደ ግዜ ዎች ማኒ ብባቡር ገይሩ ንነዊሕ መገዲ እንዳኸደ ከሎ። ኣብቲ ጎኑ ገለ ሰባት ካርታ ይጻወቱ ነበሩ፡ ሓደ ካብቶም ዝጻወቱ ዝነበሩ ኣብ መገዲ ስለ ዝወረደ ድማ፡ ንዎች ማኒ ምስኦም ክጻወት ነገርዎ፡ ንሱ ግና ኢድ የብለይን በሎም። ንሳቶም ግና ኢዱ ብምሓዝ እዚ ደኣ እንታይ እዩ። ንሱ ድማ እዝስ <u>ዋና ኣለዎ</u> በሎም።

ካብዚ ክብሎ ዝደለኹ፡ ኣካላትና ኩሉ ኣጽዋር ጽድቂ ንክርስቶስ ክንውፍዮ እምበር፡ ንክፉእ ናይዛ ዓለም ከይንጥቀመሉ ኢለ ከም ኣብነት ዘምጻኽዎ እዩ (ሮሜ 6፡19) ርኤ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ስጋና ዋና ኣለዎ። ጎይታ ብክቡር ደሙ ገይሩ ዓዲጉና እዩ፡ እቲ ኣረጊት ሰብና ከኣ ምስናይ ፍትወቱ ተሰቂሉ እዩ። ስለዚ እቲ ተሪፉ ዘሎ ዘመንና ንፍቓድ ኣምላኽ እምበር ንፍትወት ስጋና ከይንነብር ነዚ ሓሳብ እዚ ከም ኣጽዋር ጌርና ንሓዞ። (1ጴጥ 4፡1-2)

**“እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ኸኣ፡ ነቲ ስጋኦም ምስናይ ፍትወቱን ትምኒቱን ሰቒሎምዎ እዮም”** (ገላ 5፡24)



ኩነታትን ስሚዕትን ከልካሊ ንስራሕ መንፈስ ቅዱስ እዩ።

# ዓምዲ ምኽሪ

## ትንቢት እንታይ ኮይኑ እዩ ዝድንኊይ?

ብዛዕባ ትንቢት መጽሓፍ ቅዱስና "ትንቢት ኣይትንዓቑ" ብምባል እዩ ኣስፊሩዎ ዘሎ (1ተሰ 5:20)። እዚ ድማ ትንቢት ብቅኑዕ ልቢን ብሰናይ ሕልናን ብእምነትን ኬንካ ምክንኻን ከም ዘድልዩ የረድእ (1ጢሞ1፥18ርኤ)። ንኣብነት ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ትንቢት ከመይ ክኸውን ከም ዘለዎ ንሰብ ቆረንቶስ ኣብቲ ቀዳማይ መልእኽቱ ኣስፊርዎ ኣሎ (1 ቆረ 14:1-39) ርኤ። ኣብቲ ካልኣይ መልእኽቱ ግና " ኣቱም ሰብ ቆረንቶስ፡ ኣፍና ንኣኻትኩም ክፉት እዩ፡ ልብና ውን ገፊሑ። ኣብ ልብኹም ደኣ እዩ ዝጸበኩም እምበር፡ ኣባናስ ኣይጸበኩም እዩ።" (2ቆረ 6:11-12) ብምባል ኣፉ ክፉት ከምዝኾነ ማለት መንፈሳዊ መልእኽቲ ከመሓላልፈሎም፥ ግናኸ ንሳቶም ልቦም ስለ ዘጽበቡ፡ ከምቲ ዝድለ እቲ ንዕኦም ተዓቂሩ ዘሎ መንፈሳዊ በረኸታት ከም ዘይረኽቡ ይነግር (2ቆረ 6:17-18) ርኤ።

ኣብ ሃገርና እንተ መጺና ድማ፥ እቲ ተነጊሩ ዘሎ ትንቢት መቁጸሪ የብሉን። ግናኸ እዚ ኣብ ባይታ ክግለጽ ብፍጹም ልቢ ዝስዕቡ ናይ ኣምላኽ ሰባት ከም ካሌብን እያሱን የድልዩ። ዝሓለፈ ብዛዕባ እዚ እናጸለና ከለና ",,,ጎደና እግዚኣብሄር ጽረጉ መገዱ ውን ኣቕንዑ" (ማር 1:3) ዝብል ቃል ናብ ልበይ መጸ እሞ ምስቶም ምሳይ ዝነበሩ ኣሕዋት ኣበርቲዕና ጸለና። ሓደ ሓው ድማ "ሓንቲ ነፋሪት ካብ ኣምላኽ ተላኢኻ፡ ኣብቲ ውሽጣ በብዓይነቱ ቅብኣትን በረኸታትን ዝሓዘት ናብ ሃገርና ክትመጽእ ይርኢ። ግናኸ ንዓኣ ዝኸውን መዕለቢ (run way) ስኢና ደው ክትብል" ሓደ ሓው ዝረኣዮ ነገረና እሞ ምስቲ ዝተዋበኒ ቃል ስለ ዝተሰማምዐ ድማ ኣዝዩ ገሪሙኒ። እዚ ዘርእየና ከኣ እግዚኣብሄር ንዝመደበልና በርኸት ናትና ምድላው ከም ዘድሊ እዩ። ንኣብነት ኤልያስ 'ደሃይ ብርቱዕ ዝናብ ኣሎ' ኢሉ ምስ ተነበየ፥ ገዝኡ ኣይኮነን ከይዱ ወይ ድማ መዓስ እዩ ዝፍጸም ኢሉ ኣይተጸበየን እንታይ ደኣ ",,, ናብ ምድሪ ሰጊዱ ገጹ ኣብ መንጎ ኣብራኹ ገበረ" 1ነገ18፥42 እዩ ዝብለና እቲ ቃል። እዚ ዝገበረሉ ምኽንያት ከኣ ነቲ ተንጠልጢሉ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ ኣብ ባይታ ምእንቲ ክግለጽ ብብርኩ እናተምበርከኸ ገጽ ኣምላኽ ከም ዝደለየ እዩ። ወላ እኳ እቲ ምስኡ ዝነበረ ግልያኡ ገለ ደበና የለን እንተ በሎ ንሱ ግና ቦትኡ ከይሓደገ ኣብ መሐለዊኡ ደው ኢሉ። በዚ ድማ እቲ ሰማይ ብደበናን ብሸምበባን ጸልመተ፥ ከምቲ ዝበሎ ድማ ብርቱዕ ዝናም ኾነ።

ነዚ ንመረጋገጺ ክኾነና ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ዝተፈጸመ ባዕለይ ውን ዘረጋገጽክዎ ክምስክረልኩም። ኣብ መወዳኣታ 2016 ኣብ ዱባይ ብሓው ነብይ መስፍን በሹ መደብ ተኻይዱ፡ ኣብኡ ን312 ዓመት ውሉድ ዘይወለደ ሓው ነበረ፡ ነብይ መስፍን ድማ ናብኡ ብምምጻእ 2017 ጎይታ ውላድ ክህበካ እዩ፡ ንስኻ ግና ምስ ጎይታ ግዜ ውሰድ በሎ። እዚ ሓው ድማ ናብ ኣስመራ መጺኡ ከምቲ ዝተባህሎ ምስ ጎይታ ግዜ ወሰደ። ከምቲ ዝተባህሎ ድማ ድሕሪ 3 ወርሒ ሰበይቱ ነብሰ ጾር ኮነት። ዝሓለፈ ወርሒ ድማ ሓንቲ ምጭውቲ ሕጻን ኣምጺኦም። ንጎይታ ክብሪ ሂቦም። እዝስ ክትሰምዖ ክንደይ ደስ ዘብል እዩ። እዚ ንዓና ነቲ ነዛ ምድሪ ተዋሂቡ ዘሎ ትንቢት ክንጽበ ጥራይ ዘይኮነ፥ ልብና ኣግፊሕና ኣብቲ መሐለዊና ክንከውን ዓቢ ትምህርቲ እዩ።

ስለዚ እምበኣር ከኣ እቲ ንዓና ተመዲቡ ዘሎ በረኸታት (ሓድሽ መድረኽ) ኣብ ሰማያትና ተንጠንጢሉ ከም ዘሎ፡ ግናኸ ናብ ምድሪ ዘዕልቦ ናይ ኣምላኽ ሰብ ስኢኑ ከም ዘሎ እዩ።

ስለዚ ነዚ ኣብ ባይታ ዘተግብር ንስኻ/ንስኺ ኢኹም እሞ ብፍጹም ልቢ ምስ መንፈስ ቅዱስ ተጋጣጢምና ሎሚ ንለዓል። ጎይታ ድማ ካብቲ ዝተጸበናዮ ንላዕሊ ከገርመና እዩ። (ዘጸ14፥15-16 ርአ)

"ዘይተጸበናዮ ዘገርም ግብሪ ምስገበርካ፡ ወረድካ፡ ኣኽራን ድማ ኣብ ቅድሜኻ ነነይ በሉ። ነቶም ዝጽበይዎ ከምቲ ንስኻ ዝገበርካሎም ዝገብር ካልእ ኣምላኽ ካብ ጥንቲ ኣይተሰምዐን፡ ኣብ እዝኒ ኣይተዘንየን፡ ዓይኒውን ከቶ ኣይረኣየቶን።" (ኢሳ 64:3-4)

### ሓዳር እንታይ እዩ!

- ***ሓዳር ተክሊ እዩ፥*** ተክሊ ማይ እንተ ኣስትኪያን ኮስኪስካያን ግቡእ ፍረ እያ ትህበካ። ሓዳር ከኣ ሓቢርካ ግዜ ንቃልን ንጸሎትን እንተ ዓዲግካ ዕዉት ሓዳር ክትመርሕ ትኽእል።

Familly preys together, stay's together

"ሓቢራ እትጽሊ ስድራቤት፥ ሓቢራ እያ ነቲ ዝመጸ ተጻብኦታት ትገጥሞ" (ምሳ23፥4 ርኤ)።

- ***ሓዳር ደብዳቤኻ ምንባብ እዩ፥*** ናይ ሰብኣይ ደብዳቤ 'ኣፍቅራ' ዝብል ኮይኑ፥ ናይ ሰበይቲ ደብዳቤ ድማ 'ብኹሉ ተኣዘዝዮ' ዝብል እዩ። እንተ ደኣ ሰብኣይ ነታ ሰበይቱ ንሳ ***ዘይትእዘዞ፥*** እታ ሰበይቲ ድማ ንሱ ደኣ ***ዘየፍቅረኒ*** ዝብሉ ተኸይዶም ዘይደብዳቤኦም ስለ ዘንበቡ እዮም። እቲ መፍትሒ ኸኣ ደብዳቢኦም ክንብቡ ኣለዎም። (ኤፈ5፥22-23 ርኤ)
- ***ሓዳር ቢንቦሪ ምጽዋዕ እዩ፥*** ኣብ ዝኾነ ቦታ ሓደ ናይ ሓዊ ሓደጋ ምስ ዘጋጥም ቢንቦሪ ክትጽዋዕ ናይ ግድን እዩ። ምስ መጹ እቶም ቢንቦሪ ስርሖም ምጥፋእ እዩ እምበር መን እዩ ነዚ ባርዕ ወሊዕዎ ኢሎም ኣየጻርዩን እዮም። ኣብ ሓዳር ከኣ ቁጥዐ፤ ኩራ፤ ቆየቃ፥ ሕርቃን,,, ብገለ ማለት ብሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ክለዓል ይከኣል እዩ። ነቲ ዘበገሰ ስለመንታይ ከምዚ ትብለኒ ወይ ዝብልኒ እንተ ኢልና ባርዕ ንውሰኽሉ ኣለና ማለት እዩ። ግናኸ ከምቲ ቃሉ ***"ልሕም ምላሽ ንቑጥዓ የህድእ,,,"*** (ምሳ15፥1) ዝብሎ ብሉኡም ምላሽ ገይርና ነቲ ዘሎ ነድሪ ማይ ክንክዕወሉ እሞ ብድሕሪኡ እቲ ነገር ምስ ሃድአ ከኣ ብህዱእ መንፈስ ኬንካ ነቲ ነገር ከነቕንዮ እዩ ዘሎና።

ስለዚ እምበኣር ሓደ ሓደ ግዜ ነቲ ኣብ መንጎና ዝለዓል ዘይትደለየ ስሚኢታት ጽቡቕ ገይርና ምእንቲ ክንብድሆ ህይወትና ብመንፈስ ቅዱስ ከነግዝኦ ኣለና። ሽዑ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ምኽሪ ኣብ ሓዳርና ህያው ኮይኑ ክንርእዮ ኢና።

## ክዝምር’የ ናይ ዓወት መዝሙር

ክዝምር’የ ናይ ዓወት መዝሙር (2)

ይኣምነካ’የ ኩሉ ከምትገብር,,,,ይኣምን (2)

ደኺነ ኣይበኽን ረዳኢ ስኢነ ኢለ

ንሰብ ኣይጽውዕን’የ ክፈትሓለይ ኢለ

ንዓኻ ይጽበይ’ምበር ክሳዕ ትርእየኒ

ብቃልካ ይኣምን’የ ከምዘይትሕፍረኒ,,, ኣሜን

ተስፉ ከምዘይብለይ ኣይሓዝንን’የ

እንተጸልመተ’ኳ ኣይቀብጸካን’የ

ብሰዓቱ ከምትሓስበኒ

ይኣምን’የ ከምዘይትርስዓኒ,,, ኣሜን

እቲ ዘይርኤ ብዓይነይ ክርእዮ እየ

እቲ ዘይከኣል ብጎይታ ይክእሎ’የ

እቲ ዘይርገጽ ክረግጾ እየ

እቲ ዝጠፍኤ ምርኮይ ክመልሶ እየ,,,,ኣሜን

ደንጉ’ኻኒ’ካ ኢለ ኣይጎርምርምን እየ

ንጸላእተይ ኢደይ ኣይህብን እየ

ብትዕግስቲ ድኣ ይጽበይ ንዓኻ

ምስ ወግሐ ክሪኦ እየ ንገጽ’ኻ,,,ኣሜን

ተባልሸይኒ ኢለ ኣይሓዝንን እየ

ካብቲ ገምቢ መዓር ከምተውጽኦ ይኣምን’የ

ሚሂርካኒ ኢኻ መዝሙር ምስጋና,,,, ተምስገን

ክሕጉስ’የ ከም ትልውጦ ስለ ዝኣምን,,, ኣሜን

ብኣይ ደስ ከይበለ እቲ ጸላእየይ

ሰሚዑ ክይሕጉስ ናይ ውሽጢ ሓዘነይ

ኣብ ቅድሚካ ብምስጋን ይዝምር

ሓይለይ ክሕደስ ጸላእየይ ክሓፍር,,,, ኣሜን

**ብዘማሪ የማነ ሃብተ።**

## ያዕቤጽ መን እዩ

ያዕቤጽ ካብ ዓሌት ይሁዳ ኮይኑ ኣብ መበል 34 ወለዶ ኣዳም እዩ። ኣዲኡ ንዕኡ ክትወልድ ከላ ብዙሕ ስለ ዝተጻዕረት ድማ እያ ያዕቤጽ ብምባል ዝሰመየቶ። ያዕቤጽ ክትርጎም ከሎ ፍረ መከራ ማለት እዩ። ያዕቤጽ ድማ ከምቲ ሽሙ ዝገልጾ ካብ ንእስነቱ ብዙሕ መከራ ረኣየ። እዚ ይኹን እምበር ንሱ በቲ ዝሓልፎ ዝነበረ ኩነታት ከየማረረ ንኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ኢሉ ለመነ “,,, **ብርግጽ እንተ ትባርኸኒ፣ ዶባተይ ከኣ እንተ ተግፍሓለይ፣ ኢድካውን ምሳይ እንተ ትኸውን፣ ከይጭነቕ ድማ ካብ ክፉእ ከም ዝድሕን እንተ ትገብረኒ፣ ኢሉ ለመኖ,,,**” (1ዜና 4፥10)። እግዚኣብሄር ከኣ ነቶም ብቕኑዕ ልቢ ዝጽልዩ ቅልጡፍ መልሲ ስለ ዝምልስ ከምቲ ዝለመኖ ገበረሉ (ምሳ 15፥8)ርኤ። ኢድ እግዚኣብሄር ድማ ምስኡ ስለ ዝነበረት በረኸቱ ኣዝዩ ዓዘዘ፡ ዶባቱውን ብዘይ ደረት ሰፍሐ። እቶም ብውርደቱ ዝፈልጥዎ ዝነበሩ ድማ ኩሎም በቲ እግዚኣብሄር ዝገበረሉ ክብረት ተገረሙ። እቶም ነዚ መጽሓፍ ዜና ዝጸሓፍዎ ድማ “**ያዕቤጽ ካብ ኣሕዋቱ ዝኸብር ነበረ . . .**”(1ዜና 4፥9) ብምባል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣስፈርዎ።

እዚ ድማ ንዓና ዓቢ ትምህርቲ እዩ፡ ነቲ ንሓልፎ ዘለና ኩነታት ከነማርር ዘይኮነ፡ ነቲ ቁጻር ዝፈትሕ ኣምላኽ ብምሉእ ልብና ክንደልዮ፡ ነቲ ዝኸብደና ነገራት ከኣ ብቕንዕና ኬንና ብስም ጎይታንና የሱስ ከምዚ ኢልና ክንልምን ኣለና “ዎ ኣምላኽ ስለ ትሰምዓኒ የመስግነካ ኣለኹ፡ ሕጂውን ኣምላኽ ያዕቤጽ ኣብ ህይወተይ ህያው ኢኻ እሞ፡ እቲ ኣብ ሰማያት ዝባረኸካኒ በረኸት ኣብ ምድሪ ይገለጽ፡ ዶባተይ ይስፋሕ፡ ኢድካ ብኽብሪ ኣብ ኩልንትናይ ትኹን” ብምባል ብእምነት ንጸሊ (ግብ4፥30)።

**“እግዚኣብሄር ንዚጽውዕዎ ኹሎም፡ብሓቂ ንዚጽውዕዎ ኹሎም ቀረባኦም እዩ። ፍቓድ እቶም ዚፈርህዎ ይፍጽም፡ኣውያቶም ይሰምዕ የድሕኖም ከኣ”** (መዝ 145፥18-19)

## ተስፋ

**“ኣቱም ብተስፋ እትኣሰርኩም፡ ናብቲ ዕርዲ ተመለሱ፡ ኣነ ዕጽፊ ገይረ ኽም ዝመልሰልኪ፡ ሎሚውን እነግረኪ ኣሎኹ”** (ዘካ 9፥12)

**“ብተስፋ ተሐጐሱ፡ ብጸበባ ተዐገሱ፡ ጸሎት ኣዘውትሩ”** (ሮሜ 12፥12)

**“ተስፋ ኣሎ እሞ፡ ክትህድእ፡ናብ ዙርያኻ ኣማዕዲኻ ብህድኣት ክትግምሰስ ኢኻ”** (እዮ 11፥18)

**“ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣዚ ኹም ብተስፋ ምእንተ ኽትህብትሙስ፡ እቲ ናይ ተስፋ ኣምላኽ ኩሉ ሓጐስን ሰላምን ዘበለ ብእምነት ይምላእኩም”** (ሮሜ 15፥13)

# ማህደር ታሪኽ

## ቀሺ ሓይልኣብ መን እዩ፧



**እዚኣ ብኢድ ዝተሳእለት ኮይና ቐሺ ሓይልኣብ ምስ ኣቕሽሽቲ ጸዓዘጋ እናመሃረ እያ።**

ከምቲ ኣብ ሃገርና ብረታዊ ቃልሲ ብእድሪስ ዓዋተ ተጀሚሩ ዝበሃል። ኣብ ኤርትራ ከኣ ጽሩይ ወንጌል ብቀሺ ሓይልኣብ ተስፋይ እዩ ጀሚሩ። ነዚ ኢሎም ድማ እዮም ኣቦታት "ኀታ ተኸሊ ቀሺ ሓይልኣብ ተኸላ፡ ሚስዮናውያን ድማ ኣስተይዋ" እንዳበሉ ዘዘንትውልና። ብምቕጻል ድሕረ ባይታ ናይ ቀሺ ሓይልኣብ ተስፋይ ክንርኢ ኢና።

ቀሺ ሓይልኣብ ተስፋይ፡ ኣብ 1846 ዓም.፡ ካብ ስድራ ቤት ቀሺ ተስፋይ፡ ኣብ ዓዶም ሽማንጉስ ታሕታይ ተወልዱ። ወላዲኦም ቀሺ ተስፋይ፡ ኣብ ቤት ክርስቲያን ቅዱስ ጊዮርጊስ ጸዓዘጋ ሕዱር ካህን ኮይኖም ከገልግሉ ምስ ስድራቤቶም ፡ ሰለስተ ደቆም ፡ ገብረመድህን ሓይልኣብን እንድርያስን ናብ ጸዓዘጋ መጹ። ጸዓዘጋ ካብ ዓሰርተው ሸውዓተ ክፍለ ዘመን ኣትሒዛ፡ ማእከል ምምሕዳር፡ ማእከል ዕዳጋን ንግድን፡ ከምኡ ውን ማእከል ሃይማኖታዊ ዕዮታት ነበረት።

ኣብ ፈለማ ዓመታት 1860ታት ኣብዛ ናይ ሕጂ ቁሸት ጸዓዘጋ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ ጊዮርጊስ ሓደ ፍጻሜ ኣጋጢሙ። ኣቐዲሞም ኣቕሽሽትን ዲያቆናትን እዛ ቤተ-ክርስትያን ሰረት እምነትን መጻሕፍትን ኦርቶዶክሳዊ ቤተ-ክርስትያን ተጊሆም ንምምርማር ይራኸቡ ነበሩ። ኣብ መንጎኦም እቲ ቀንዲ ጸላዊ ሰብ፣ ገና ዕስራ ዓመት እኳ ዘይመልኤ ግናኸ ውልቃዊ ቅድስናን ዓምዩቕ መንፈሳዊ ፍልጠትን ኩህልዎም ዜነቓቕሖም ዚነበረ ቀሺ ሓይልኣብ ተስፋይ(1846-1876) እዩ ዝነበረ። ሓደ መዓልቲ ኣብ ከብሕታት ቤተ-ክርስትያን ቅዱስ ጊዮርጊስ ሓደ ድያቆን ብሃንደበት ሓንቲ ንዓመታት ዘይተላዕለት ብደሮና ዝጠቀረት ናይ ኣምሓርኛ መጽሓፍ ቅዱስ ረኸበ። እዚኣ ናይ 1840 ሕታም ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ብኣቡ ሩሚ ተተርጒማ ዝነበረት እያ። ነቶም ሓቢሮም ዚነበሩ ኣቕሽሽትን ዲያቆናትን ብርቱዕ ስምዒት ኣሕደረትሎም። ድሕሪ ማሕረስ እናተኣከቡ ብምሸት'ውን ሓዊ ኣጒዶም እናኣምሰዩ ነቲ ቅዱስ ቃል- ኣምላኽ ኬጽንዕዎ ጀመሩ። ቅድሚኡ ካብ ካልኦት መጻሕፍቲ ዘይረኸብዎ፣ እዛ መጽሓፍ ናይ ኣእምሮ ምብራህን ናይ ልቢ ሓጎስን መንፈሳዊ ጽምእን ፈጠረትሎም። እዞም ኣንበብቲ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ካብ ገዛእ ርእሶም ሓሊፎም ነቲ ኣብታ መጽሓፍ ዚዳህሰስዎ ናይ ክርስቶስ በይኑ መድሕኒ ዓለም ምዃኑ፣ ንሰብ ምስ ኣምላኽ ዚዓርቕ ዝኾነ ይኹን መልኣኽ ወይስ ቅዱስ ሰብ ከም ዘየልቦ ዚገልጽ ሓቂ፣ ንህዝቢ'ውን እናኣብርሁ ደቂ መዛሙርቱ ገበሩ።ኣብ ሓምለ 1872 እዞም ኣቕሽሽትን ዲያቆናትን ንዕዮኦም ብፍሉይ ዚደራርዕ ኣጋጣሚ ረኸቡ። ክልተ ሽወደናውያን ሚስዮናውያን፣ ፐር ኤሪክ ላገር(1837-1876)ን ኤሪክ ኤሚል ሄደንስትሮም(1844-1904)ን ክረምቲ ኣብ ከበሳ ኬሕልፍዎ ካብ ምቕማጦም ካብ ዓይለት ኣብ ጸዓዘጋ ተረኸቡ። ብፍላይን ንቀሺ ሓይልኣብ ተስፋይ እዚ ናይ ሓምለ 1872 ርክብ ፍሉይ ጦብላሕታ ነበሮ። ብቃላት ቀሺ ሓይልኣብ፣ "እዛ መዓልቲ'ዚኣ እቲ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መልእኽቲ ምድሓን ምሉእ ብምሉእ ዝተሰወጠኒ መዓልቲ ነይራ" በለ። እቶም ደቂ ዓድን እቶም ወጻእተኛታትንኣብ ሞንጎ ዝርርቦም ንቤተ-ክርስትያን ዚኸውን ጥዋፍ ብዛዕባ ምስራሕኣዕለሉ። እቲ ወሓለ ኢድ ዝነበሮ ላገር፣ ጥዑይ ጥዋፍ ከመይ ከም ዚስራሕ ኬርእዮም ቃል ኣተወሎም። ነቲ ዕላል ከኣ፣ ነቲ የሱስ "ኣነ ብርሃን ዓለም እየ። እቲ ዚስዕበኒ ብርሃን ህይወት ኪረክብ እምበር፣ ብጸልማት ኣይኪኸይድንእዩ"(ዮሃ 8፥12) ዝብሎ ቃል ብሰፊሕ ንምብራህ ተጠቕመሉ። እቶም ደቂ ዓዲ ኸኣ ንላገር ብትግርኛ ዝተጻሕፈ መጽሓፍ ቅዱስ እንተሎ ኪልእከሎም ተማሕጸንዎ። ንዝተላእከሎም መጻሕፍቲ ኸኣ መንፈሳዊ ጽምኦም ንምርዋይ ከም ማይ ሰተይዎ። እቶም ደቂ ዓድን እቶም ኣጋይሽን ድማ ኣብ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ተመሳሳሊ ባህጊ ከም ዘለዎም ተረድኡ። እቲ ሓባራዊ ድሌት ቀልጢፉ ናብ ጽኑዕ ዕርክነት ዓበየ። ግናኸ ብምኽንያት ተገዳስነቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ብፍላይ ነቶም ደቂ ዓዲ ኣብ ካልኦት ቦታታት ብዚነበሩ መራሕቲ ሃይማኖት መጥቃዕቲ ኪወርዶም ጀመረ። ብታሕሳስ 1872 ቀሺ ሓይልኣብ ኣብ ዚጸሓፎ ደብዳቤ፣ "ኹላቶም ኣንጻረይ ተላዒሎም ኣለዉ" በለ። ካብ ግንቦት 1873 ጀሚሩ ተደጋጋሚ ኣኼባታትን ክትዓትን ምስ መራሕቲ ሃይማኖት ተኻየደ። እቲ ክትዕ ከኣ ብፍላይ፣ "ቅዱሳን ኣብ ክንዲ ሰብ ኼማልዱ ይኽእሉ'ዶ?" ኣብ ዝብል ጒዳይ ዜተኮረ ነበረ። ካህናት ጸዓዘጋ ኸኣ "ኣይፋልን፣ የሱስ ክርስቶስ በይኑ ድኣ እዩ ኣማላዲ" ኢሎም ጸንዑ። ነዚ ግጭት ሓዊ ዚመልስ ካልእ ኲናት'ውን ብጥቅምቲ 1873 ኣጋጠመ። ሓደ ናብ ጸዓዘጋ ኪበጽሑ ዚመጹ ፈላሲ ብሃንደበት ሓሚሞም ሞቱ። ንካህናት ጸዓዘጋ ኸኣ ንመዋቲ ተስካር ብምግባር ነፍሶም ካብ ሲኦል ኬድሕኑ መምርሒ መጸም። ግናኸ እዞም ካህናት እምቢ ኢሎም ኣቕበጹ። "ዓይንና እናረኣየ ድሕሪ ደጊም ንህዝቢ ዜታልል ተግባር ኣይንፍጽምን ኢና" በሉ።

ኣብ'ቲ ብመራሕቲ ሃይማኖት ብሕዳር 1873 ዝተኻየደ ኣኼባ፣ ቀሺ ሓይልኣብን ብጾቱን ብመቓውሕ ተኣሲሮም ተወሰዱ። ንሞት ድማ ተፈርዱ። ግናኸ ብተቓውሞ ክልተ ዓበይቲ ካብ ሞት ደሓኑ። ብለካቲት 1874 ቀሺ ሓይልኣብ ምስ ሓደ ብጻዩ ካብ ዓዱ ሃዲሙ ንግዚኡ ረሓቐ። ይቕጽል,,,,,,,,,,,,,